# መኪና / ሞተርሳይክል

አብ ስዊስ ኣዝዩ ብጽቡቕ ምትእስሳር ዝተሃንጸ ጽርግያታት ኣሎ። መብዛሕትኡ ጽርግያታት ብነጻ ብዘይ ክፍሊት ትጥቀመሉ። ናይ ተሽከርከቲ ሕግታት ኣብ ስዊስ ዓቢ ትርጉም ኣለዎ። እዚ ሕግታት እንተዘይተተግቢሩ ኣብኡ ዝውሰን መቕጻዕቲ ኣዝዩ ብዙሕ ኢዩ።

## ናይ ተሽከርከርቲ ሕግታት

ሕግታት ተሽከርከርቲ ኣብ ስዊስ ንመራሕቲ መካይን ኣዝዩ ዓቢ ትርጉም ዘለዎ ሕጊ ኢዩ። ነዚ ምስዘይትትግብር ዝግበር መቕጻዕቲ ምስ ካልኦት ሃገራት ብምዝማድ: ኣዝዩ ብዙሕ ኢዩ። ዓቢ ጉድለት ወይ ምጥሓስ ሕጊ ምምራሕ ተሽከርከርቲ ምስዝፍጸም ግን: እቲ መምርሒ ፍቓድ ብትራፊክ ክትሕደግ ይከኣል።
ገለ ኣገደስቲ ሕግታት:

- ዝለዓለ ናህሪኣብ ውሽጢ ከተማ ወይ መንበሪ ገዛውቲ: 50 ክሎሜተር ኣብ ሰዓት: ኣብ ደገ : 80ኪሎሜተር ኣብ ሰዓት: ኣብ ኣውራ ጎደና/ ዓቢ ጽርግያ: 120 ኪሎሜተር ኣብ ሰዓት
- ኣብ ኣውራ ጎደና/ ዓቢ ጽርግያ:ብየማን ምሕላፍ/ምቕዳም ክልኩል ኢዩ።
- መብራህቲ መኪና ዋላ ብመዓልቲ ክበርህ ኣለ
- ኩሎም ሰባት ኣብ መኪ ተሳሮም ዘለዉ: ብቁልፊ ክእሰሩ ኣለዎም።
- ቆልዑት ኣብ ናይ ቆልዑት ኮፍመበሊ ኮፍ ክብሉ ይግባእ( ክሳብ 12 ዓመት ዕድኦም ወይ 150 ሴንቲ ሜተር ቁመቶም።
- እንዳዘወርካ ተለፎን ብናይ እዝኒ መስምዒ ጥራይ ምዝራብ ይፍቀድ።
- ኣልኮል ወይ ሓሺሽ ወሲድካ ምዝዋር የቕጽዕ (Promillegrenze 0.5)
- ብእግሪ ተጎዓዝቲ ኩሉ ግዜ ቀዳምነት ( ኣብ መሰጋገሪ ኣጋር) ኣለዎም: ኣብ ሰማፈሮ/መብራህቲ ዘለዎ ግን ብሕጊ ምልክታት ይቕየድ።

## ናይ ጎደና ክፍሊት

ጎደናታት ብመንግስቲ: ካንቶንን ምምሕዳር ከባቢን ይምወሉ። ጎደናታት ብዘይ ገለ ክፍሊት ክትጥቀመሎም ይከኣል። ካብዚ ወጻኢ ዝኾኑ: ቀንዲ ዓበይቲ ጽርግያታት ካብ ከተማ ናብ ካልእከተማ ዘራኽቡ/ ኣውቶባን: ክትጥቀመሎም ክፍሊት ኣለዎ። ነዚ ዓበይቲ ጽርግያ ዝጥቀም በዓል መኪና: ነዚ ዝምልከት ናይ ክፍሊት ትኬት ኣብ መኪና ዝጥቃዕ (Vignette) ገዚኡ ይጥቀም። እዚ ትኬት ኣብ ቅድሚት ዝርከብ ናይ መኪና ቤትሮ ይጥቓዕ። እዚ ትኬት ካብ ናይ እንዳ ነዳዲ ወይ ካብ እንዳ ፖስታ ወይ ኣብ ናይ ተሽከርከርቲ ቤት-ጽሕፈት ምግዛእ ይከኣል።

## ውሕስነት / ድሕነት

ኣብ ስዊስ ኣብ ናይ መኪና ድሕነት/ውሕስነት ዝተመዝገባ መከኣይን ጥራይ ምጥቃም ይከእል። ናይ መኪና ናይ ድሕነት/ውሕስነት ግዴታዊ ውዕል (Motorfahrzeug-Haftpflichtversicherung) ካብ ዝተፈላለዩ ናይ ውልቂ ናይ ድሕነት/ውሕስነት ትካላት ይወሃብ።እዚ ውሕስነት: ኣብ ንብረትን ሰብን ንዝወርድ በቲ ተሽከርካሪ ዕንወት ይክሕስ:ኣብ ናይ ገዛእ መከናኻ ዝወርድዕንወት ግን ተወሳኺ ብድላይካ ትኣትዎ ድሕነት/ካስኮ/ (Kaskoversicherung) ይሸፈን/ይከሓስ። መጠንቀቕታ: ካብ ሕግን ስርዓትን ምምራሕ መኪና ወጻኢ ብዝስዕብ ዕንወት ገን: እቲ ናይ ድሕነት ትካል: ኣይክሕስን/ኣሽፍንን ኢዩ። ንኣብነት: ኣልኮል ወይ ሕሺሽ ወሲድካ ምስትዝውር ንዝስዕብ ዕንወት: መራሕ መኪና ብሕጊ ተሓታቲ ይገብሮ።ናይ ተሽከርከርቲ ግዴታዊ ናይ ድሕነት ክፍሊት: ኣብ ናይ ውልቂ ግዴታዊ ናይ ድሕነት ክፍሊት ኣይጠቓለልን ኢዩ።

## ካብ ደገ መኪና ምእታው / ምምጻእ

ንነዊሕ ግዜ መኪና ናብ ስዊስ ኣእትዩ ክጥቀመላ ዝደሊ: ነዚ ኣብ ጉምሩኽ ከመዝግባን ግብሪ ክኸፍልን ይግባእ። እቲ መኪና ወይ ተሽከርካሪት ውን ጥዕንኣ ክጻረን ክረጋገጽን ኣለዎ። ናይ መኪና ድሕነት/ውሕስነት ውን ምእታው የድሊ። ኣብ ርእሲዚ ናይ ምዝዋር መኪና ፍቓድ: ናይ ስዊስ ታርጋ/ቅጽሪ ሰሌዳ መኪና ካብ ናይ ስዊስ በዓል-ስልጣን ናይ ጎደና ተሽከርከርቲ (Strassenverkehrsamt) ናይ ካንቶን ኣርጋው ምውጻእ የድሊ።.

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.ciao-aargau.ch/ti/mobility/car--motorcycle